ሰሪቹ ተተሓፍረልኻስ...

ብዕርኃኑ ልፀየቐሉ ስብሃት ነጋ ሎሚስ ኹሉ ተወዲእዎ ሀዚለ ልነፃነት ኤርትራ ክሓልፈላ እየ ይብለናሎ (አታ ኦቦይዝጊ ዶ አይስምእዎይ!)። እሞ ደጊሙ ሰሊሱ ርግፅ ኢሉ አፈቱ ልድምፂ ወያነ ልሃቦ ቃለ-ምልልስ። እሞያ እዙይስ ናማን ዓድዋ ወኪሉ አብ ፓርላማ ኢትዮጵያ ተሰይሙ። ግዒያ፣ ወራር ድኣ ይብሃል። ብቓልሲ ምሕዝና፣ ብናሓባር ፀላኢ ተመኽንዩ ቐድሚ ሃዚ ልተገበረ በደል ክንርስየ ሒክ ንበለና። አይተ ሰብሃትለ ልኤርትራ ምግንፃል ብሰንኩይ ብስሪቱይ ልተገበረ ኹሉ ስንክሳር ሃም ብሓዱሽ ላልፀለ (ለይ ሕፈር መሊኡ) ሃም ሜዳልያ በሉ ረአዩለታይ ይብለናሎ። ናበይኑ ምኾነ ጨለ፣ ልንሕና ልማላለአናሉ ገደደምበ!

አብልዕሊ ሻዕቢያይ ጀብሃይ ተወሳኺ ሳልሳይ ሓይሊ ጥራሕ ተይኾነስ ብስሩ፣ ካብኹሎም ኤርትራውያን ሓይልታት ብላዕሊ (ዋላ ሻዕቢያይ ጀብሃይ ተደሚሮም) ኤርትራ ክትግንፀል ህንዲ ህወሓት ልተቓለሰ ፈፂሙ የለይ ይብለናሎ። አብ ሞንጎ ሻዕቢያይ ደርጊ አቲና፣ ሻዕቢያ ተጠቢሩ ከይምለስ፣ ኢትዮጵያ መውፅኢ ባሕሪ ክትምንጠል፣ ኹናት ክቕፀል ልገበርኹ አነ እየ ኢለ፣ አብ መሬት ትግራይ አብ መሬት ኢትዮጵያ ኾይኑ ዓው ኢሉ ይፀውሎ። ሰሪቹስ ተተሓፍረልኻ በሉ! ባሓምኡ ሰብ ዳማትና ገረብ ሸገር ባንዳ ኢልና ላተፃረፍና! ወቸ ጉድ!

ድሕሪ ባድመ ናህወሓት ባህሪ ሙለእ ኢትዮጵያዊ መልክዕ ክህዝ ተስፉ ተገብረና፣ የለይ አነይ ውድበይ ለይተፈልፈለ ናኤርትራ ዛር እንሂና ኢሉ የጉርዕሎ። ብቱልሓለፈ ፍጥረተ አዳም እህ ለብለሎ ከይአኽልስ ሎሚለለ ልነፃነት ኤርትራ ተሓሊቕናስ፣ "አነይ ውድበይ፣ ቱ አነ ልፍልጦ መሪሕነት ኢህወደግ" ሃፍቲ፣ ዕሽል ኢትዮጵያ ክንግበር ድልዋት ኢና ይብለናሎ! ታሪክ እዩ!

ብዙይ ናቓይና ዋና ደላሊ ኾይኑ ሑመራ ነይረ፣ ሰሊጥ አለኒ፣ ምሸላ አለኒ ይብሎ። እም ይገረምኻትኩም ቓይና ልታይዋን ክተምልስ ተፀንትላ። ምስ ታይዋን ልጠበቐ ኹሉ ሑሕ ትብሎላ። ታይዋን ካብ አቆፃፅራ አውሮፓ 1895 ጀሚሩ (ሃምቱ ናሊስብሓት አገባብጣ ተኾይኑ ማለት እዩ) አብ ትሕቲ ጃፓን ልነበረት ብድህሪኡለ እንትርፊ ል4ዓመት ለይመልእ ምስ ቓይና ተሓዊሳ ለይትፈልጥ። ብዙይ ኢትዮጵያይ ኤርትራይ ፈላልዩ፣ ልኢትዮጵያ ቐራንዩ፣ ልኤርትራ ሓሪ ማዕተብይ ይብሎ! መስደምም! ስብሓት አብ ቓይና ተትኾን ዛጊድ ሸለል መበልም!

ደ.ተ.